# ኤ.ድ.ኪ ናይ ዜናዊ ዕዮ ካድራት ኣሰልጢኑ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
**15.07.2005**

ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜና ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ሓው መንግስተኣብ ኣስመሮም፣ ብዕለት 13 ሓምለ ብኣጋጣሚ ምዝዛም ናይ ዜና ካድራት ስልጠና ኣብ እተኻየደ ናይ ምረቓ ስነ-ስርዓት ተሳቲፉ። እዚ ናይ ስልጠና መደብዚ ን350 መዓልታት ዝቐጸለ ኰይኑ፤ ክእለት ሰልጠንቲ ኣብ ዜናዊ ዕዮ ብሓፈሻ፤ ኣብ መዳይ ፈነወ ረድዮ ድማ ብፍላይ ክብ ንምባል ዝዓለመ ኢዩ ነይሩ። እቲ ናይ ስልጠና መደብ፣ ዜናዊ ሓበሬታታን ጸብጻባትን ትንተናታትን ትያትራትን፤ ከምኡ ውን፣ ንባህላዊ ብዙሕነት ዘንጸባርቕ መደባትን ቃለ-መሓትታትን ምድላውን ብረድዮ ምፍናውን ዘጠቓለለ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፣ ንፈነወ ረድዮ ዘድሊ ተክኒካዊ መደባትን፣ ምቕራጽን፣ ከምኡ ውን ግደ ቋንቋ ዓረብኛ ኣብ ዜናዊ መዳይን፥ ንርእይቶ ናይ ህዝቢ ብኸመይ ትጸሉን ዝብሉ ኣርእስታት ካልእይ ገጽ ናይቲ እተዋህበ ስልጠና ነይሩ።

ሓው መንግስተኣብ ኣስመሮም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፣ እዚ ናይ ስልጠና መደብዚ ናይ መጀመርያ ኰይኑ፣ ኣብ መጻኢ ናይ ዜናን ምምሕዳርን ካልእ መደያትን ዘጠቓለል ስልጠናታት ንምክያድ ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ እተታሕዘ መደብ-ዕዮ ከምዘሎ ኣረዲኡ። ከምዚ ዝኣመሰለ ዕድላት ክርከብ እንክሎ፣ ዓቕምታት ኤርትራዊ ዜጋ ክብ ንምባል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘድሊ ጽዓታታት ክገብር ምዃኑ ውን ኣሚቱ። ከምኡ ውን፣ ኣብዚ ናይ ምረቓ ስነ-ስርዓት፣ ናይ ሓደ ሰዓት ዝኸውን ብሰልጠንቲ እተዳለወ ናይ ረድዮ ፈነወ ምርኢት ቀሪቡ። ኣብዚ በዓልዚ ንምስታፍ ዝመጹ፣ ኣጋይሽን ሓለፍቲ ናይ ዜናዊ ማእከላትን ውን ናይ ኣድናቆትን ናይ ምትብባዕን ቃል ኣስሚዖም።

ኣብ መደምደምታ፣ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜና ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ንሰልጠንቲ ናይ ምስክርነት ወረቐት ዓዲሉ።